


## መግለጺ ሓዘንን ጽንዓትን

ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ብ1991 ስልጣን ህዝቢ ብዓመጽ መንዚዑ መንበረ ፖሎቲካዊ ስልጣን ካብ ዝጨበጠሉ እዋን ኣትሒዙ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ማእለያ ዘይብሉ ግህሰታትን ግፍዕታትን ክፍጽም ምጽንሑ ስውር ጉዳይ ኣይኮነን። ብስንኪ'ዚ ድማ ህዝብና ብፍላይ'ውን መንእሰይ ወለዶ ዝፈትዋ ሃገሩ ራሕሪሑ ኣብ ስደት ዘምርሓሉ ኩነታት ምህላውና ዝፍለጥ'ዩ። ማሕበር ዘተን ልዝብን ኤርትራውያን ኖርወይ ቦዶን ከባቢኣን ንኩሉ እቲ ጨካን ግህሰታትን ግፍዕታትን ንመላእ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ዝብትን ዘሎ ኣዕናዊ ፖሊስታት ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ኣትሪሩ ክኹንን ጸኒሑ። ሕጂ'ውን ነቲ ብ03 ሚያዝያ 2016 ኣብ ማእከል ከተማ ኣስመራ ኣብ ልዕሊ መንእሰያት ዝተፈጸመ ዘሕዝን ቅንጸላ ኣትሪሩ ይኹንን። ማሕበር ዘተን ልዝብን ኤርትራውያን ኖርወይ ቦዶን ከባቢኣን በቲ ዘይሓላፍነታዊ ፍጻሜ ዝተሰመዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ ነቶም ኣብ ሽዊት ዕድሚኦም ሂወቶም ዝተቐዘፉ መንእሰያት መንግሰተ ሰማይ ክወርሱ መላእ ስድራ ቤቶም ድማ ጽንዓት ክረኽቡ ይምነ።

ዓወት ንደሞክራስያውን ፍትሓውን ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ

ውድቀትን ሞትን ንገባቲ ስርዓት ህግደፍን ኮራኩሩን

**ማሕበር ዘተን ልዝብን ኤርትራውያን ኖርወይ ቦዶን ከባቢኣን**

**12 ሚያዝያ 2016**